## ሕግታት ናይ ብኩራትን (fravær)፡ ፍቓድ ዕረፍትን (permisjon)፡ ዕረፍቲ በዓላትን (ferie) ኣብ መእተዊ መደብ (ኢንትሮ)

ሕግታት ብኩራት ኣብ መደብ ኢንትሮ ምስቶም ሕግታት ብኩራት ኣብ ስራሕ ዓለም ዘገልግሉ ብብዙሕ መንገዲ ይመሳሰሉ እዮም። እታ ሓንቲ ፍልይቲ ሕጊ፡ ኣብ ኢንትሮ ብሰንኪ ሕማም ብኽፋል ክተብኩር ኣይትኽእልን ኢኻ። መምርሒን ብፍቓድ ምብኳር ዝምልከት ርእሱ ዝኸኣለ ንተሳታፍቲ መደብ ኢንትሮ ዘገልግል ካብ ናይ ስራሕ ዓለም ዝተፈለየ ዝተዳለወ ኣሎ።

እንተድኣ ሓሚምካ፡ ንኮሙና (ንምምሕዳርካ)፡ ንመምህርካ ወይ ንልምምድ ቦታኻ ብዝቐልጠፈ ከምዘይትመጽእ ሓበሬታ ክትህብ ኣሎካ።

ብቑዕ ምኽንያት ብኩራት እንተሃልዩካ ብመደብ ኢንትሮ ንዝውሃበካ ሓገዝ ንኽይቑረጸካ መሰል ይህበካ። እንተድኣ ኤገንሜልዲንግ (ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ዕረፍቲ) ዘይተጠቐምካ ወይ ብሓኪም ዝውሃብ መርጋገጺ ወርቐት ዘይኣቕረብካ ወይ ድማ ፍቓድ ዕረፍቲ ሓቲትካ ክተቡኩር ዘይተፈቐዱልካ፡ ናይተን ዘብኮርካየን ሰዓታት ወይ መዓልትታት ካብቲ ዝውሃበካ ሓገዝ ክቑረጸልካ እዩ። እዚ ክኣ ከምዘይብቑዕ ወይ ዘይምኽንያታዊ ብኩራት ይቑጸር። ዘይብቑዕ ብኩራት ምሕዳግ መሰል ምስታፍ መደብ ኢንትሮን ፡ ምቁራጽ ሓገዝ ኢንትሮን ከስዕበልካ ይኽእል እዩ።

### ሕማም

እንተድኣ ሕማምካ ወይ መጉዳእትኻ ኣብ መደብ ኢንትሮ ንምስታፍ ዝዓግተካ ኮይኑ ብኤገንሜልዲንግ ወይ ሓኪም ብዝህበካ ዕረፍቲ ካብ መደብ ኢንትሮ ክተቡኩር ትኽእል ኢኻ። ኤገንሜልዲንግ ብጽሑፍ ወይ ብቓል ንኮሙናኻ፡ ወይ ንማእከል መደብ ኢንትሮ፡ ወይ ንኣምኻሪ መደብካ ወይ ንመምህርካ ከምዝሓመመካ ብምሕባር ክትጥቀመሉ ትኽእል።

- 8 ሰሙን ኣብ መደብ ኢንትሮ ድሕሪ ምስታፍካ'ዩ፡ ኤገንሜልዲንግ ክትጥቀም መሰል ዝህልወካ። ኣብተን ቀዳሞት 8 ሰሙን እንተድኣ ብሕማም ምኽንያት ክትሳተፍ ዘይኪኢልካ፡ ናይ ሓኪም መርጋገጺ ወርቐት ከተቕርብ ኣሎካ።
- ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ፍቓድ ክሳብ 4 ግዜ ኣብ ዓመት ናይ ምጥቃም ዕድል ኣሎካ። ኣብቲ ባዕልኻ ትወስዶ ናይ ሕማም ፍቓድ ኣብ ሓደ እዋን ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ ክትጥቀም ትኽእል።
- ካብ ሰለስተ መዓልቲ ንላዕሊ እንተ ሓሚምካ ካብ ሓኪም ናይ ሕማም መረጋገጺ ወረቐት ከተቕርብ ኣሎካ። ከምኡ'ውን እንድሕር ኤገንሜልዲንግ ኣርባዕተ ግዜ ኣብ ወሽጢእቲ ዉሱን ግዜ ተጠቒምካ መርጋገጺ ወረቐት ካብ ሓኪም ከተቕርብ ኣሎካ።

እንድሕር ሓደ ወይ ክልተ ቆልዑ ሃልዮሙኻ እሞ ምስ ዝሓሙ ክሳብ 10 መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ገዛ ምስኦም ክትውዕል ትኽእል ኢኻ። ካብ ክልተ ቆልዑ ንላዕሊ እንተሃልዮሙኻ ኣብ ዝሓሙሉ እዋን 15 ነጻ መዓልትታት ካብ መደብ ኢንትሮ ምስታፍ መሰል ኣሎካ። ከምኡ'ውን ኣላዪ ደቕኻ በይንኻ ኴንካ'ሞ ሓደ ወይ ክልተ ቆልዓ ኣልዮሙኻ ናይ 20 ነጻ መዓልትታት ኣለካ፡ ካብ ክልተ ቆልዑት ንላዕሊ ምስ ዝህልዉኻ ከኣ፡ ናይ 30 ነጻ መዓልትታት መሰል ኣለካ። እዚ መሰላት'ዚ ውን እንድሕር ኣላይት ቆልዑ ሓሚማ የገልግል እዩ። እንድሕር እቲ ብኩራት ካብ 3 መዓልቲ ንላዕሊ ኮይኑ እቲ ኮሙና ውላድካ ወይ ኣላይት ውላድካ ሓሚማ ከምዝነበረት ናይ ሓኪም መርጋገጺ ከተቕርብ ክሓተካ ይኽእል እዩ።

### ምምልካት ብዛዕባ ብፍቓድ ምብኳር

ፍቓድ ብኩራት ድሕንነት (velferdspermisjon)ን ኣብነት ናብ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ንምኻድ፡ ናይ ስራሕ ቃለ መሕትት ክትገብር ወይ ካልእ፡ ዝከኣል እንተኾይኑ ንኮሙና ንክውሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን ቆልዓ ትምህርቲ ወይ መውእለ ህጻናት ኣብ ዝጅምረሉ፡ ወይ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ሞት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ወዘተ ፍቓድ ብኩራት ድሕንነት ክውሃበካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ዝያዳ ሓበሬታ ካብ ናይ'ዚ መደብ ኣመኻሪ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንስኻ ወይ ውላዳካ ንነዊሕ ኣብ እትሓምሉ፡ ሓኪም ብዝህበካ መረጋገጺ ወርቐት መሰረት ፍቃድ ብኩራት ካብ መደብ ኢንትሮ ከተመልክት መሰል ኣሎካ። ፍቓድ ብኩራት ክሳብ ሓደ ዓመት ብዘይ ናይ ኢንትሮ ሓገዝ ክፍቀደልካ ይከኣል እዩ።

እንተድኣ ቆልዓ ንምውላድ ኮይኑ ግና ነዚ ዘገልግሉ ፍሉያት ሕግታት ፍቓድ ብኩራት ሓገዝ እንዳተወሃበካን፡ ብዘይ ሓገዝን ኣለዉ። ኣቦታት'ውን ምስ ምውላድ ቆልዓ ዝተሓሓዝ መሰላት ኣለዎም። ናይዚ መደብ ኣመኻሪ ኣድላዪ ሓበሬታታት ክህበካ ይኽእል እዩ።

**ቀዳመ ሰንበትን በዓላትን**

ኩሉ ሰብ ቀዳምን ሰንበትን ካብ መደብ ኢንትሮ ነጻ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ መዓልትታት ህዝባውያን በዓላት ኣብ ኖርወይ ኮይኖም ተሳተፍቲ ዕረፍቲ እዮም - 1ን 17 ግንቦት፡ ሓድሽ ዓመት፡ ሓሙስ ጽግቦ፡ ዓርቢ ስቕለት፡ ጽባሕ ፋሲካ፡ ዕርገት፡ ጽባሕ ምውራድ መንፈስ ቅዱስን (Pinse)፡ መዓልቲ ልደትን፡ ጽባሕ መዓልቲ ልደትን።

እንተድኣ ኣባል ቤተክርስትያን ኖርወይ ዘይኴንካ፡ ሃይማኖታዊ በዓላት ንምብዓል ናይ ኢንትሮ ሓገዝ እንዳተወሃበካ ክሳብ ክልተ መዓልቲ ኣብ ዓመት ካብ ምስታፍ መደብ ኢንትሮ ዕረፍቲ ክትወስድ መሰል ኣሎካ። ሓበሬታ ብዛዕባ'ዚ ክልተ ሰሙን ኣቐዲምካ ንኮሙነ ክትህብ ኣሎካ።

ዕረፍቲ

ዓመታዊ 25 መዓልቲ ዕረፍቲ ክትወስድ መሰል ኣሎካ። እቲ ኮሙነ ዕረፍቲ መዓስ ከም ዝውሰድ ይውስን። ኣብ እዋን ዕረፍቲ መሰል ናይ ኢንትሮ ሓገዝ ኣሎካ።